*ኤርትራ/ERITREA*
*ህዝባዊ መኸተ - ንሰላም ልኡላውነት ፡ ልምዓት*
*Hizbawi Mekete – für FRIEDEN : SOUVERÄNITAT und ENTWIKLUNG*

*ዕለት:16.12.2015*
*Ref:ፈ/ሽ/መ/ጀ.33-15*

# *መልእኽቲ ዮሃና ሽ/መኸተ ጀርመን*

ዓመተ 2015 ከም ኩለን ዝሓለፋ ዓመታት ግዚኣ ኣኺሉ ኣብ ንፋነወላ እዋን ድሮ በጺሕናስ ፡ 2016 ዓ.ም. ንምቕባላ ብሃገራዊ ኒሕ ኣብ ምሽብሻብ ንርከብ ኣሎና ፡

ቅድሚ ኣብ ርእሰ-ነገርና ምእታው ግን ፡ 2015 ዓ.ም ሳላ'ቲ ዘይሕለል ጥሙርን ውሁድን መኸተና ፡ ጽንዓትና ዝወልዶ ዓወታት ዘመዝገብናላ ዓመት ብሙኧና ፡ ንመንግስትን ህዝብን ንሓይልታት ምክልኻልን ኤርትራ ፡ ብስም ሽ/መኸተ ጀርመን ድርብ ዮሃና ክንብል ሃገራዊ ክብሪ ይስመዓና ፡

ዓመተ 2015 ብመንጽር ሃገራዊ ተልእኮና ፡ ዓመተ መኸተን ዓወትን 'ያ: ኢልና ገምጋም ክንህባ ንኽእል ፡

እኪት ዝወልዶ ዓሎቕ ንምስሳይ ፡ መቐጸልታ ናይ'ቶም ኣብ ልዕሌና ዝተስገደዱ ግን ከኣ ከይተበገሱ ዝቐተልናዮም ዓመጽቲ እገዳ ንሓደ ዓመት ምንውሑን ፡ እቲ ካልእ ኲናት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ብ COI ዝተሃንደሰ ኣነዋሪ ጸብጻብ ( The Commission of Inquiry on Human Rights in Eritrea ) ሓድሽ ግን ብሉይ ናይ ተጻብኦ ማሕጐዳ እኩያት ፡ ንተንኮላቶም መዳመቒ ፡ ብሜድያን ካልእን ዝተኻየዱ ጸለመታት ተደማሚሩ ፡ ንምዕዋት ስትራተጂ ሰብፍሉይ ረብሓ ኮይኑ ፡ ከም ህዝቢ ሓድነትና ዝተበታተኸ ፡ ልዕሉውነትና ተመንዚዑ ዳግማይ ኣብ መግዛእቲ ክንሕየር ፡ ፖሊሲ ታሪኻውያን ጸላእትና ንምስሳይ እዩ ፡

ነዚ ድያብሎሲያዊ ውዲታት ንምፍሻሉ ፡ ከምቀደምና ተቢዕና ዘካየድናዮም ዕዉት መኸተ ፡ ብግዱሳት ሃገራውያን ስፖርተኛታት መኸተ *"ጉዕዞ* ***ብሽክለታ ንሓቂ: ሰላምን ፍትሒን ንኤርትራ"*** *ዕዉት ንክኸውን ዘበርከትናዮ እጃምን ፡ Action-Day 13.04.2015 ፡ ኣብኩሉ ናይ ከተማታትና ምምሕዳራት ዝሃብናዮም መዘክርን ወዘተ... ፡ 22.06.2015 ዘካየድናዮ ዕዉት ሰላማዊ ሰልፊ ጀኔቫን ንመሰለትና ዝተፈረሙ ጥርዓናትን ፡ ንምሕያል ውሽጣዊ ሓድነትና ነካይዶም ዘለና ቀጻሊ መደባትን ፡ ንጸላእትና ዕርቃኖም ኣውጺኡ ኣብ ምፍሻልን ፡ ሓቂ ብዓሎቕ ተደብያ ከምዘይትነብርን ፡ ሓቂ መዓልታ ሓልያ ህላውነታ ከምተርጋግጽን ፡ ናይ ውሽጥን ወጻእን ውሁድ መኸተን ፡ ናይ ህዝብን መንግስትን ንሓጺን ዘምከኽ ጽንዓትን ኣረጋጊጽዎ እዩ'ም ፡ ድርብ ዮሃና ፡*

*ብዝረኸብናዮ ዓወታት ከይንዛነ: 2015 ዓ.ም. ዘሰከመትና ሓላፍነት ኣብ 2016 ዓ.ም. ከነተግብሮም ዝግበኣና ሃገራዊ ተልእኮ ጉዲፋትልና ንፉንዋ ምህላውና ምዝካር ኣገዳሲ እዩ ፡*

***"ክትቀስን እንተኾንካ ፡ ነቲ ዘየቕስን ክትስዕሮ ስለዘለካ "*** *፡ ንመስርሕ ምውሓስ ልዑላውነት ኣበርቲዕና ክንሰርሕ ፡ እገዳን ተንኮላቱን ንክቕበር ፡ ውጥን ናይ* COI ( The Commission of Inquiry on Human Rights in Eritrea )ተባሂሉ ዝጽዋዕ ፡ ብኩሉ ዓቕምታትና ገጢምና ክንስዕሮ ከምዘለና ፡ ኩሉ መደባት ወፍርን ልምዓት ሃገርን ዕዉት ኮይኑ ንክወጽእ ኣበርቲዕና ክንሰርሕን ፡ ንሓድነትና ከነሓይሎን ከም ብሌን ዓይንና ክንከናኸኖን ፡ ዝተሰከምናዮ ሕድርን ፡ ሃገርና እትጠልቦ ግዲታና ምኳኑ ደጊምና ነዘኻኽር ፡

ርሑስ ቅንያት ልደትን ፡ ከምኡ'ውን 2016 ዓመተ ጽንዓትን ስሕለትን ፡ ዓመተ ራህዋን ዓወትን ይግበረልና !

## መኸተ ክሳብ ምሉእ ራህዋ !

ዘልኣለማዊ ክብርን መጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና ፡

ዓወት ንሓፋሽ !

ፈ/ሽ/መኸተ ጀርመን ፡